# ውድቀት ብርጌድ ንሓመዱ ምምናይ ንረብሓ መን?

ፖለቲካ ኤርትራ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ኣብ ክልተ መሰረታዊ ተጻረርቲ ደምበ ተኸፊሉ ይርከብ። ደምበ ፈታውን ጸላእን ድማ ይበሃል። ደምበ ጸላኢ ብገባሪ ሓዳጊ ባእታ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝስራሕን ዝምራሕን ዘቤታዊ ገዛኢ'ዩ። ደምበ ፈታዊ ከኣ፡ እቲ ብዝተወደበን ዘይተወደበን መልከዓት፡ ዝተነፍገ መሰሉ ንምምላስን ህልውንኡ ውሑስ ንምግባርን ኣንጻር ዘቤታዊ ጸላኢ ዝቃለስ ዘሎ ደምበ ተቓውሞ'ዩ። ፖለቲካ ኤርትራ ፍልልያቱ ብስልጡን ሰላማዊ ደሞክራስያውን ኣገባብ ፈቲሑ ሓቢሩን ተኸባቢሩ ኣንጻር ድሕረትን ድኽነትን ከይወፍር፡ ናብ ደረጃ ሰዓራይ ተሰዓራይ ዓሪጉ ክልተ ተጻረርቲ ደምበ ክህሉ ዝገበረ እንኮ ሰባዊ ዘቤታዊ ገዛኢ'ዩ። ንህልዊ ዘቤታዊ ገዛኢ ብፖለቲካዊ ልክዑ ንምግላጽ ቀዳማይን ደመኛን ጸላኢ ህዝብታት ኤርትራ'ዩ። ኣንጻር'ዚ ዝካየድ ኩሉ ሸንኻዊ ቃልሲ ከኣ ፍትሓውነቱ ኣይካትዕን። ብዓይኒ ፖለቲካዊ ደሞክራስያዊ መሰል ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብሕጊ ተፈጥሮ'ውን ቅቡል'ዩ። ምኽንያቱ "ድሕሪ ሞት ጥዕና ቅበጽ" ከም ዝበሃል፡ ብህይወት ከይትህሉ ብስልቲ፡ ብዘገምታን ብመደብን ንዝሰርሕ ጸላኢ ስቕ ኢልካ ተገዛእ፣ ተሃረም፣ ተቐተል ዝብል ሕጊ ስለዘየለ።

ሓደ ኣካል ደምበ ተቓውሞ ኣንጻር ደበኛ ጸላኢ ኣብ ዘካይዶ ንጥፈታት፡ ብጸላኢ ድዩ ብካልእ ወገን ንዘጋጥሞ ናይ ጸለመ ይኹን ተግባር መጥቃዕቲ ነቲ ካልእ ኣባል ደምበ ተቓውሞ ከም ኣብ ነብሱ ዝበጽሐ ማህረምቲ ከቕንዝዎ ይግባእ። ስለምንታይ'ሲ ዋላ ናይ ኣረኣእያን ውደባን ፍልልይ ይሃልዎ ናይ ሓባር ሕቶ ንምምላስ ክቡር ዋጋ ዝኸፍል ዘሎ ወገኑ ስለ ዝኾነ፡ ናቱ ምሕያል ሓይለይ'ዩ። ናቱ ዓወት ዓወተይ'ዩ። ብኣንጻሩ ናቱ ምድኻምን ውድቀትን ድማ ውድቀተይ ዘቀላጥፍ'ዩ ካብ ዝብል ንቑሕ ተረድኦ ተበጊሱ ክድግፎ ክከላኸለሉ ትጽቢት ይግበር። ገለ ወገናት ኣብ ልዕሊ ብርጌድ ንሓመዱ ብቐሉዕን ብስውሩን ዘመሓላልፍዎ ዘለው መልእኽቲ ግን ሓላፍነት ዝግደሎ ፖለቲካዊ ነብሰ ቕትለት'ዩ። ብርጌድ ንሓመዱ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ሓድሽ ወለዶ ዝሓቖፈ ምረትን ተወፋይነት ዘንቀሎ ደኣምበር፡ ብዙሕ ተመክሮ ዝነድሎ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ ምዃኑ እናተፈልጠ ከሎ ጌና ብክልተ እግሩ ደው ከይበለ ንምቑጻዩ ይረባረቡ ኣለው። እዚ ቅኑዕ ፖለቲካዊ መርሆ ናይ ዝጠፍኦም ህኩያት ናይ ሕሜታት ሓርበኛታት ኣካይዳ ብፍላጥ ድዩ ብዘይፍላጥ ንጸላኢ ዘገልግል ስለ ዝኾነ፡ ዓገብ ክበሃሉ ይግባእ።

ብመርሆ ኣብ ኣካላት ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ዘሎ ናይ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ፍልልይ፡ ሓደ ነቲ ካልእ ክሳብ ናይ ህልውና ስግኣት ዝፈጥር ኣይኮነን። ደረጃ ናይ'ቲ ፍልልይ ክንዲ ዝኾነ ይተንተን ይመጠጥ ካልኣዊ ግምበር ብቀዳማይ ግርጭት ኣይስራዕን። ኣገባብ ኣፈታትሓኡ ድማ ብፖለቲካዊ ንቕሓት ናይ ኣረኣእያ ንጹርነት፡ መድረኻት ሰላማዊ ደሞክራስያዊ ዘተን ክትዕን'ዩ ዝመሓደር። ከም ህዝብን ሃገርን ንህልውናና ኣብ ሓደጋ ዘውደቐ እንኮ-ሰባዊ ዘቤታዊ ጸላኢ ኣብ ቅድሚት ተገቲሩ እናሃለወ፡ ሓደ ካብ ኣካላት ደምበ ተቓሞ ዝኾነ ብርጌድ ንሓመዱ ምስ ጸላኢ ዝገበሮ ዘሎ ተባዕ ጥምጥም ዘይምሕጓስ ዘይምትብባዕ፡ ብዓይኒ ጥርጠራ ምርኣዩ፡ ውድቀቱ ምምናይ ብዝኾነ መልክዑ ይቕረብ ኣወንታውን ምኽንያታውን ክኸውን ኣይክእልን። ተገልቢጡ ንበሃልቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ዘራጊ ኣተሓሳስባ'ዩ።

ብርጌድ ንሓመዱ ዝኾነ ይኹን ጌጋ ስለ ዘይብሉ ተጋጊኻ ኣይትበሉ ብሓጋዚ መልክዑ ኣይትንቀፉ ይበሃል የለን። እዚ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ'ዚ ጀማሪ ስለ ዝኾነ ብዙሓት ዝጎድልዎ ነገራት ከም ዘለው ኣይከራኸርን። ብኩለንትንኡ ምሉእ ፖለቲካዊ ውድብ ኮይኑ ክዋሳእ ከኣ ባህጊ ብዙሓት'ዩ። ጉድለቱ ንምእራም ዝግበር ነቐፌታ ግን ብክቡር መስዋእቱ ንዘረጋገጾም ህዝባዊ መኸሰባት ብምኽባር ግምበር ብምድምሳስ ክኸውን የብሉን። ዝሰርሕ ይጋገ'ዩ። እቲ ጌጋ መሰረታዊ ድዩ ዘይመሰረታዊ፡ ኮነ ኢልካ ድዩ ካብ ዘይኣፍልጦን ሕጽረት ተመክሮን ፈላሊኻ ምግምጋም ምምዛን የድሊ።

ኣብ ዝሓለፈ ዝተናወሐ መስርሕ ቃልሲ ንሃገራዊ ነጻነት ህዝባዊ ሓርነትን ኤርትራ፡ ክሳብ ናይ ኣሽሓት ንጹሃት ተጋደልቲ ደም ዘፍሰሰ፡ ኣካል ዘጉደለ፡ ህይወት ዝቐጸፈን ናይ ቃልሲ ሞራል ብኣሉታ ዝጸለወን ጌጋ ተፈጺሙ'ዩ። እዚ ጌጋ'ዚ ብርግጽ ተራ ጌጋ ኣይኮነን። ብሕግን ብታሪኽን ዘሕትት ነቲ ኣብ መድረኹ ዝፈጸም ዝነበረ ዘሕብን ተወፋይነትን ጅግንነት ኣሉታዊ ፖለቲካዊ ድነ ዝኸድን ገበን ተፈጺሙ'ዩ። እንተኾነ ግን ምስ ኩሉ ጉድለታቱ ነቲ ፍትሓዊ ቃልሲ ተሰኪሙ ዝነበረ ህዝቢ፡ ኣብ መራሕቲ

ፖለቲካዊ ውድባት ዘይተራእየ ተጻዋርነት፡ ብመሰረተ ሓሳብ ቀዳማይን ካልኣይ ግርጭት ተገዚኡ፡ ብ1991 ብሓይሊ ብ1993 ብሕጊ ንጸላእቱ ሓንሳእን ንሓዋሩን ስዒሩ፡ ቀዳማይ ምዕራፍ ዝዛዘመሉ ታሪኽ ንናይ ሎሚ ትምህርቲ ክኸውን ይግባእ።

ብርጌድ ንሓመዱ ኣብ ኣጽናዒ ኲናት ትግራይ፡ ግዳይ ፋሽሽታዊ በትሪ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ይስዕር፡ ኣጽናዕትን ፋሽሽትን ይሰዓር ዝብል ፍትሓዊ መረገጽ ስለ ዝወሰደ፣ ናይ ቃልሲ ንጥፈታቱ ንምስፋሕ ናብ ኢትዮጵያ ስለ ዝኣተወ፡ መንነቱ ክጽናዕ ኣለዎ። ሃገራዊ ኣይኮነን። ንልኡላውነትን ሓድነት ኤርትራ ሓደጋ'ዩ እናበልካ ብቋንቋ ጸላኢ ክትገልጾ፡ ሓቅን ሓሶትን ደባሊቕካ ኣባዚሕካ ከተጸልሞን መህረሚ በትሪ ከተቕርብን ምፍታን የተዓዛዝብ። ንህዝቢ ኤርትራ ምስ ዘጽንት ዘሎ ደበኛ ጸላኢ ብባህሪ እናተደናገጽካ፡ ተጣባቒ ሰላምን ሕግን ልኡላውያን ሃገራት ብምምሳል፡ ኣብ ሃገረ ክስቶ ከም'ዚ ገይሩ፡ ኣብ ሃገረ ክስቶ ከም'ዚ ደጊሙ እናበልካ፡ ምድኻም ምብትታን ሞት ናይ'ዚ ብሕራነ ንህዝባዊ ሓርነት ክቡር ዋጋ ዝኸፍል ዘሎ ሓይሊ መንእሰይ ምምናይ ፖለቲካዊ ባዶነት በሃልቱ የመልክት። ዘቤታዊ ጸላኢ ንብርጌድ ንሓመዱ ንምጽላምን ምድኻምን ብኹሉ ዓቕሙ፡ ብዝተወደበ ኣገባብ ገዚፍ ገንዘባዊ ወጻኢታት ሰሊዑ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ እናተፈልጠ፡ ኣብ ልዕሊ ብርጌድ ንሓመዱ ንዘተሰምዐ ሕጋዊ ዝመስል ናይ ክሲ ትንዕታ ከም ዓወት ቆጺርካ እንቋዕ ኮኑ ምባል፡ ብናይ ሓሳብ ደርቂ፡ ናይ ኣረኣእያ ምዝባዕ ከም ዝተጠቓዕካ ይእምት።

ፖለቲካዊ ውልዶ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ ብርጌድ ንሓመዱ ኣብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኡ፡ ሕጋዊት ትካላዊ ተሓታትነቱ፡ ግብራዊ ንጥፈታቱ ብቃልስን ብግዜን ክዕረ ዝኽእል ንኡስ ጉድለታት እንተርኣየ ክገርም ኣይግባእን። ነቲ ብሕራነ፡ ብተወፋይነት፡ ገንዘቡ፣ ጉልበቱ፣ ግዜኡ፣ ደሙ፣ ኣካሉ፣ ህይወቱ እናኸፈለ ኣብ ልዕሊ ደመኛ ዘቤታዊ ጸላኢ ፈጢርዎ ዘሎ ራዕዲ፤ ኣብ ልዕሊ ግዳይ ዝኾነ ህዝቢ ኣሕዲርዎ ዝርከብ ናይ ለውጢ ተስፋን ዘራኽስ፡ ዘጸልምት፡ ኣይበልናን'ዶ እናበልካ ብቕሉዕን ብስውሩን ክትወፍረሉ ኣይምኽንያታውን ኣይቅቡልን ድማ።

እቲ ጉዳይ ተጀሚሩ ደኣምበር ብኸመይ ይድምደም ከይተፈለጠ፡ ኣኽባሪ ሕጊ ፈደራል ጀርመን ብርጌድ ንሓመዱ ብናይ ውሽጢ ዓዲ ፈጣሪ ራዕዲ ክኽሰስ ኣለዎ ስለ ዝበለ፡ ኣካል ደምበ ተቓዋሚ'የ እናበልካ፡ ከሳሲ ተጋጊኻ ብርጌድ ንሓመዱ ናይ ሓርነት ተቓላሳይ 'ምበር ብፈጣሪ ራዕዲ ዝጥርጠር ኣይኮነን ኢልካ ኣብ ክንዲ ምምካት፡ እንቋዕ ከምኡ በለ ምባል መርሆ ኣልቦነት ፖለቲካዊ ህኩያት 'ምበር፡ ጥብቕና ንልኡላውነት ኤርትራን ተገዳስነት ሰላም ኣብ ልኡላውያን ሃገራት ከም ዘለካ ኣየመልክትን። ብቐጥታ ድዩ ብተዘዋዋሪ ምስ'ቶም ብሰናይ ፍቓዶም ሕልናዊ ባርነት ተቐቢሎም ኣገልገልቲ ሓደ ሰብ ክኾኑ ዝወሰኑ ብደዎም ዝሞቱ ዜጋታት ዝተናበበ ዝመስል፡ ውድቀት ብርጌድ ንሓመዱ ዝምነ ወፍሪ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ክስማዕ የደንጹ። ብርጌድ ንሓመዱ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኮነ ኣብ ሃገረ እስራኤል ዝኸፈሎን ዝኸፍሎ ዘሎን መስዋእቲ ብስርቕን ዝምታን ነገራዊ ረብሓ ንምርካብ ኣይኮነን። ንስለ ህዝባዊ ረብሓን ህልውናን ክብል'ዩ። ብመሰረቱ ከኣ ምስ እንኮ-ሰባዊ ዘቤታዊ ጸላኢ'ዩ ዝተሓናነቕ ዘሎ። ሰላም ልኡላውያን ሃገራት ንምዝራግ ኢሉ ኣይተበገሰን።

ብርግጽ ሰላምን ሕግን ናይ ሃገራት ክርበሽ የብሉን ክኽበር ኣለዎ። ግን ጠንቂ መን'ዩ? ዘቤታዊ ጸላኢ ኤርትራ ወይስ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ ብርጌድ ንሓመዱ? ጸላኢ ካብ ኤርትራ ከወጽኡ ኣገዲዱዎም። ኣብ ሃገረ ስደት ስዒቡ ድማ ሃዊኽዎም። ኣብ በዓል እስራኤል ብኣረሜናዊ ኣገባብ ብካራን ብፋስን ቀቲልዎም። እዚኦም ካብ ከም'ዚ ዝበለ ኣረሜናዊ ጸላኢ ነብሶም ክከላኸሉ ህልውና ህዝቦም ከድሕን ዝገብርዎ ቃልሲ ምስ ፈጠርቲ ራዕዲ ዘተሓሕዝ የብሉን። ፈጣሪ ራዕዲ ዘቤታዊ ጸላኢ 'ምበር ብርጌድ ንሓመዱ ኣይኮነን። ሓደ ኣካሎም ብጉጅለ ፈጣሪ ራዕዲ ክኽሰስ ኣለዎ ስለ ዝተባህለ ከም ዜና ዓወት ዘቃልሑ ወገናት 'ምበኣር ከም ዜጋታት የሕፍሩ። ህዝባዊ ቃልሲ ለማጽ ኣይኮነን ሓርፋፍ'ዩ። ዋጋ ዘኽፍል'ዩ። ደቅና ድማ "ንሕና ንሓርነትና" እናጨርሑ ክቡር ዋጋ ይኸፍሉን ድሙቕ ዓወት ይሓፍሱ ኣለውን። በዚ ኩሉ ግዱስ ኣካል ደምበ ተቓውሞ ክሕበን ይግባእ።

ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ኣጋጢምዎ ካብ ዘሎ ብደሞክራስያዊ ኣረኣእያ ዘይተገርሐ ዓሚቕ ዝርገተ ሓሳብ ዝምንጩ ብደርቂ ተሳተፎ መንእሰያት ክሳቐ ምጽንሑ ይፍለጥ። በዞም ሕጂ ውድቀት ብርጌድ ንሓመዱ ዝምነዩ ዘለውን ካልኦት ገዳይም ተጋደልትን ፖለቲካዊ ውድባትን ብወግዒ፡ መናእሰያት ቀደም 'ምበር መናእሰያት ሎሚስ ራእይ የብሎምን። ፈተውቲ ነብሶም'ዮም። ፕሮፖጋንዳ ህግደፍ ዝሰተዩ፡ ብኣጉል ጃህራ ዝሰኸሩ'ዮም። ፈራሓት'ዮም። ኣብ ክንዲ ናብ ቃልሲ ስደት

ዝመርጹ'ዮም …ወዘተ ብዝብሉ መግለጺታት ክንቀፉ ምጽናሖም ኣይከሓድን። ገለ ካብ'ቶም ነቐፍቲ ወቐስቲ ዝነበሩ፡ ሕጂ ሓይሊ መንእሰይ ደፊኡ ምስ መጽአ ኣብ ክንዲ ዝሕጎሱ ሞራል ዝረኸቡን ሞራል ድማ ዝህቡን ኣሉታዊ መርገጽ ምሓዞም ይገርም። ንገዛእ ርእሶም 40- 50 ዓመት ገይሮም ዘይዓረዩን ዘየድምዑን እናሃለው ብርጌድ ንሓመዱ ኣብ ክልተ ሰለስተ ዓመት ዕድሜኡንዘመዝገቦ ዓወት ከራኽሱ፡ ብትሕቲ ሃገርነት ናይ ሕጊ ጥሕሰት ክኸሱ፡ ጸላኢ ብዝጥቀምሉ ቋንቋ ክወራዘዩን ምስማዕ ብርግጽ የሕዝን።

እዞም ከሰስቲ ኣራብሓትን ዘርጋሕትን ንኡሳን ጌጋታት ብርጌድ ንሓመዱ፡ ኣብ ምሕደራ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ኮነ ኣፈታትሓ ዘይመሰረታዊ ግርጭት ዝምስገን ተመክሮ ከም ዘለዎም ዘረጋግጽ መርተዖ የለን። ምኽባር ልኡላውነት ሃገር ዝብል ኣምር ተጎልቢቦም ክወራዘዩ 'ምበር፡ ቀጻልነት ብዘለዎ ብኣረኣእያ፡ ብሕጊ ኮነ ብተግባር ንሓደስቲ ተቓለስቲ ዝስሕብ ተመክሮ ከመሓላልፉ ኣይረኣዩን። ብዝኾነ ብርጌድ ንሓመዱ ብፈጣሪ ራዕዲ ዝሕመ ምንቅስቓስ ኣይኮነን። ዕላማ ኣልቦ መስዋእቲ ይኸፍል የለን። መሰረታዊ ናይ ህዝቢ ሕቶ ንምምላስ ኣብ ኩሉን ብኹሉ ኣገባብን ዝቃለስ ዘሎ ሓይሊ'ዩ። ብህዝቢ ብሓፈሻ፡ ብዝበዝሑ ኣካላትን ኣባላትን ደምበ ተቓውሞ ዝረኸበ ዘሎ ሞሳን ኣብ ጎኒኻ ኣለና ዘተኣኻኽብዎ ዘለው ፈጣሪ ራዕዲ ኣይኮነን ፈርማን ዘሐጉስ'ዩ። ኣብ'ዚ ዘለናዮ ተሃዋሲ መድረኽ ተስፋ ውጹዓት ዝኾነ፡ ብርጌድ ንሓመዱ ተበታቲኑ ክዳኸም ምምናይ ግን ንረብሓ መን?

**ካብ ክብሮም ከሰተ**

ኣባል ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

13 ሚያዝያ 2025